Department of Education

GOVERNMENT OF WESTERN AUSTRALIA

ንመጸኢ ምቕራጽ

# ብዛዕባ ሻቕሎታትኩም እስከ ንዘራረብ

ኣብያተ ትምህርትና ንኹሎም ተምሃሮ ኣብ ድሕንነቱ ዘተኣማምን፡ ሓቛፍን ሓልዮት ዝረኣየሉን ናይ ምምሃር ሃዋሁው ብሉጽ ትምህርቲ ንኽህባ ቆሪጸን እየን። ምስ ወለድን ኣለይትን ኣብቲ ናይ ደቆም ትምህርቲ ሓቢርካ ምዕያይ ኣኽቢርና ኢና እንርእዮ።

ኣብ መንገኹምን ኣብ መንገ ቤት ትምህርትኹምን ዝህሉ ርክብ ኣገዳሲ መዳይ ናይ ውሉድኩም ትምህርቲ እዩ። ንሻቕሎታትኩም ከም እንሰምዖ፡ ስጉምቲ ከም እንወስደሉ፡ ከምኡ እውን ንዝቐርብ ጥርዓናት ንምፍታሕ ምሳኻትኩም ሓቢርና ከም እንዓዪ ክትተኣማመኑ ትኽእሉ ኢኹም።

ዝኾነ ይኹን ሻቕሎት እንተ ኣልዩኩም ብኡብኡ ምስ ቤት ትምህርትኹም ተዘራረቡ። ፈለማ ምስ መምህር ናይ ውሉድኩም፡ ምስ ኣተሓባባሪ ናይታ ዓመት፡ ምስ ኣመሓዳሪ እታ ቤት ትምህርቲ ወይ ርእሰ መምህራን ክትዘራረቡ ዝሓሸ እዩ። ቆጸራ ንምሓዝ ነታ ቤት ትምህርቲ ርኸብዋ፡ ወይ እንተ ደሊኹም ኢመይል ጽሓፉ፡ ተሌፎን ደውሉ፡ ወይ ደብዳበ ጽሓፉ።

ብዛዕባ እተፈላለየ ወይ እተሓላለኽ ጉዳያት ክትነግሩና እንተ ደሊኹም ብዛዕባ እቲ ዘሻቕለኩም ጉዳይ ብጽሕፈት ከተቕርቡልና ክንሓትተኩም ንኽእል ኢና።

## ንርእሰ መምህር እታ ቤት ትምህርቲ እተዛርብዎ በዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ኢዩ፦

- ምስ መምህር ወይ ሰራሕተኛ እታ ቤት ትምህርቲ ተዛሪብኩም ጽቡቕ ውጽኢት እንተ ዘይረኺብኩም
- እቲ ጉዳይ ብዛዕባ ኣካይዳ ሓደ መምህር ወይ ሰራሕተኛ እታ ቤት ትምህርቲ  እንተኾይኑ
- እቲ ጉዳይ ብዛዕባ ንትምህርቲ ውሉድኩም ዝጸልዎ ዘሎ ነገር እንተኾይኑ።

## ምስ ናይ ቤት ትምህርትኹም ዞባዊ ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ እትዘራረቡ ድማ በዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ኢዩ፦

- ሻቕሎትኩም በታ ቤት ትምህርቲ ኽም ዘይተፈትሐ እንተ ኣሚንኩም
- እቲ ጉዳይ ብዛዕባ ኣካይዳ እቲ ርእሰ መምህር ኰይኑ።

ኣብ ወብሳይትና ዝርዝር ናይ ዞባዊ ኣብያተ ጽሕፈት ትምህርቲ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም – education.wa.edu.au/contact

## ስምካ ከይጠቐስካ ጥርዓን ምቕራብ

ስምኩም ከይጠቐስኩም ጥርዓን ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም፣ ይኹን እምበር ብዛዕባ ዝርዝር ነገራት ናይ ጥርዓንኩም ከነዘራርበኩም እንተ ዘይክኢልና ነቲ ጉዳይ ምፍታሕ ኣሸጋሪ ክኸውን ይኽእል እዩ።

## ደገፍ ርኸቡ

ንገሊኦም ሰባት ጥርዓን ምቕራብ ክኸብዶም ይኽእል እዩ። ናብቲ ብዛዕባ ምቕራብ ጥርዓን ምኽሪ ዝህብ ትካል ኣብ 1800 655 985 ብምድዋል ደገፍ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ምስ ወለዲ ዘረዳድእ ቤት ጽሕፈት (Parent Liaison Office) ኣብ መንገ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ዞባዊ ኣብያተ ጽሕፈት ትምህርቲ፡ ማእከላዊ ኣገልግሎታት፡ ወለድን ኣለይትን፡ ከምኡ እውን ኣባላት ሕብረተሰብ ቤት ትምህርቲ ዘረዳድእ ኣካል ኰይኑ ደገፍ ክህብ ይኽእል እዩ። እቲ ጥርዓን ኣብ ዝረኣየሉ እዋን ምኽሪ ንምርካብ ነቲ ምስ ወለዲ ዘረዳድእ ቤት ጽሕፈት (Parent Liaison Office) ኣብ ዝኾነ እዋን ብኢመይል ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም፡ parentliaison@education.wa.edu.au

## ጥርዓን ብኸመይ ከም እተቕርቡ ወይ ዝያዳ ሓበሬታ ብኸመይ ከም እትረኽቡ፡

ንቤት ትምህርትኹም ወይ ንዞባዊ ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ ርኸብዎም። ኣድራሻ ናብዚ እተዉ:
education.wa.edu.au/schoolsonline

ብዛዕባ ጥርዓን ምኽሪ ናብ ዝህብ ትካል ደውሉ:
1800 655 985
8:30 ቅ.ቐ. ክሳዕ 4:30 ድ.ቐ. ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ

ጥርዓን ምቕራብን ንመስርሕ ጥርዓን ምርዳእን:
education.wa.edu.au/complaints

ጥርዓንኩም እተታሕዘሉ መገዲ እንተ ዘየሐጐሰኩም ወይ እቲ ውጽኢት ምኽንያታዊ ኣይኰነን ዝብል እምነት እንተ ኣልዩኩም፡ ንኦምቡድስማን ምዕራብ ኣውስትራልያ (Ombudsman Western Australia) ብምርካብ ኣብ ዝኾነ ኽፋል እቲ መስርሕ ጉዳይኩም ብኻልእ ኣካል ክርአ ክትሓትቱ ትኽእሉ ኢኹም - ombudsman.wa.gov.au

## ዘሻቕለኩም ነገር እንተ ኣልዩኩም፡ ፈለማ ምስ መምህር ውሉድኩም ወይ ምስ ርእሰ መምህራን ምዝርራብ ዝሓሸ እዩ።

CC BY